



TIGRINJA

# ኣብዚ ምህላውኩም ደሰ ይብለና!

ንስደተኛታት ቆልዑን ወለድን ናይ ጀርመን ኣገልግሎታት ድሕነት ቆልዑን መንእሰያትን ክፈልጡ እትሕግዝ መጽሓፍ

Luisa Gebauer
Anna Laura Jacobi



ስድራ-ቤት ዩሴፍ ፈለማ ኻብ ቤቶም ድሕሪኡ ኸኣ ካብ ዓዶም ኪወጹ ነበሮም። ኣቦ ከምዚ በለ፥ “ኣብዚ ንዓና ኣዝዩ ሓደገኛ ኰይኑ ኣሎ። ክንወጽእ ኣለና።”
ብዙሕ ተጓዒዞም እዮም። ሓድሓደ ግዜ ነዊሕ ርሕቐት ኪጐዓዙ የድልዮም ኔርዎም። ሓንሳእ ምስ ብዙሓት ሰባት ኣብ ማኪና ብ ሓባጥ ጐባጥ መገዲ ንሰዓታት ኮፍ ኢሎም ተጓዒዞ። ሰባት ኣዝዮ በዚሖም ኔሮም። ስለዚ ኸኣ ኢዩ ኣዝዩ ጥብቂ ዝነበረ ዩሴፍ ከኣ ኣዝዩ ዝፈርሕ ዮም ኔሩ። ሓድሓደ ግዜ እኹል መግቢ ኣይረኽቡን ኔሮም ከምኡ'ውን ሓድሓደ ግዜ ኸኣ ኣብ ቁርን ዜፍርህን ዝነበሩ ቦታታት ይድቅሱ ኔሮም። ዩሴፍ ብዛዕባ እቲ ነዊሕ ጉዕዞ ኺሓስብ ከሎ ፍሉይ ስምዒት ይስምዖ ኣብ ኣብ ከብዱ።
ሕጂ ስድራ-ቤት ዩሴፍ ኣብ ጀርመን ኣብ መዕቈቢ ስደተኛታት ይነብሩ።

ዩሴፍ፣ ኣደ፣ ኣቦ ከምኡ ድማ ማናቱ ሞን ቦን ኣብ ሓንቲ ንእሽቶ ኽፍሊ ኢዮም ዝነብሩ። ብዙሓት ሰባት ኣብቲ መቐመጢ እዮም ዚነብሩ። ኣብ ጸቢብ ቦታ ኸኣ ይነብሩ፣ ይድቅሱ ከምኡ'ውን ይበልዑ። ብዙሕ ግዜ ባእሲ ኣሎ። እቶም ዓበይቲ እውን ከይተረሩ ይበኣሱ፣ ሓድሓደ ግዜ ለይቲ – ሸዑ ዋላ ሓደ ኺድቅሰ ኣይክእልን እዩ።





ኲሉ ነገር ካብ ቤት ኣዝዩ እተፈ የ እዩ፣ እዚ ኸኣ ኲነታት ኣየርን ቋንቋን ልዕሊ ዅሉ ድማ ምግብን እዩ። ኣብ መሕደሪ ንዅሉ ሰብ ሓደ ዓይነት ይቕረብ። ዩሴፍ ኣብዚ ኣይፈትዎን እዩ። ንሱ ነቲ ኣደ እትኽሽኖ ዝነበረት ምግቢ ይናፍቖ እዩ።

ሞ ዝሰሙ ንእሽቶ ሓው ንዩሴፍ ወትሩ ይበኪ እዩ። ሞ ክበኪ ኸሎ ኸኣ ቦ እውን ይበኪ። ምናልባት እቶም ማናቱ እውን ኣብዚ ኣይፈትውዎን ይኾኑ ዩሴፍ ድማ ሓሰበ። ሓድሓደ ግዜ ዓው ኢሎም ንነዊሕ እዋን ሰለ ዝበኽዩ ኣደ እውን ከይተረፈት ትበኪ። ድሕር'ዚ ኣቦ ምሉእ ብምሉእ ስቕ ይብል፣ ዩሴፍ ድማ ከም ብሓድሽ ኣብ ከብዱ እቲ ፍልይ ስምዒት ስምዒት ይተሰምዖ።



ዩሴፍ ግን ካብ ኲሉ ቀንዲ ሕማቕ ሰልክይና እዩ ዝረኽቦ። ሓድሓደ ግዜ ሓደ መምህር ጥራይ ኢዩ ምስቶም ህጻናት ጀርመንኛ ንኽለማመድ ናብ መሕደሪ ዝመጽእ። ነፍሲ ወከፍ ቈልዓ ግን ናብ ቤት ትምህርቲ ናይ ምኻድ መሰል ኣለዎ! ዩሴፍ ነዚ ይፈልጦ፣ ቤት ትምህርቲ ድማ ይናፍቖ እዩ። ንሱ ኺመሃርን ኣብ መጻወቲ ቦታ ምስ ካልኦት ቈልዑ ኹዕሶ እግሪ ኪጻወትን እዩ ዚደሊ። ኣብ ጀርመን ግን ንኲሉ ነገር ክትጽበ ኣሎካ። እቶም ዓበይቲ ደብዳበታትን ቈጸራታትን ኲሉ ግዜ ይጽበዩ እዮም። ዩሴፍ ትምህርቲ ይጽበ ኣሎ። እዚ ዘሰልኪ ምጽባይ እዚ ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ከም ዝወሰድ ግን ዋላ ሓደ ሰብ ክነግሮ ኣይክእለን።



ኣይሳቱ ምስ ኣዲኣን ቢንታ ሓብታን እውን ኣብቲ መሕደሪ እያ እትነብር። ሓድሓደ ግዜ ዩሴፍ እምነ-በረድ ንኽጻወት ናብኣ ይኸይድ ኢዩ።
ሎሚ እውን እንተ ኾነ ዩሴፍ ማዕጾኣ ኳሕኲሐ። ኣይሳቱ ትኸፍተሉ ሓንጐፋይ ኢላ ትቕበሎ፥ "ሰላም ዩሴፍ።" ድሕሪኡ ግና ከምዚ ትብል፥ "ሎሚ ምሳኻ እምነ-በረድ ክጻወት ግዜ የብለይን። ናብ ማእከል ሰድራ-ቤት ክንኸይድ ኢና"። ብሃንቀውታ ሰለ ትጽበዮ ፍሽኽ በለት።

ዩሴፍ ከኣ "ናበይ፧" ኢሉ ሓተተ።

ኣይሳቱ "ናብ ማእከል ሰድራ-ቤት" ብምባል ትገልጽ። "ሎሚ ድሕሪ ቐትሪ ክበብ ቈልዑ ኣብኡ ይእከብ። ኣብኡ ኸኣ ጽቡቕ ጌርካ ክትጸወትን ኢደ ጥበብ ክትገብርን ትኽእ ኢኻ። ዓብዪ ምድያብ ኦም ዘለዎ ሰፍራ ኣታኽልትን ሸተትን እውን ኣሎ። ክትከይድ ደሊኻ ዶ፧" ኢላ ሓተተት። ዩሴፍ ኣዝዩ ተሓጐሰ። እወ ናይ ግድን ክኸይድ ይደሊ። ሰለዚ ኣይሳቱን ዩሴፍን ፍቓድ ኪሓትቱ ናብ ወለዱ ኸዱ። ኣደ ኣይሳቱን ቢንታን እውን የሰንያኦም።





እቶም ማናቱ እንደገና ዓው ኢሎም ይበኽዩ። ኣደን ኣቦን ነቲ ዩሴፍ ዝበሎ እውን ኣይሰምዑን እዮም። ኣብ መወዳእታ ክሰምዕዎ ከምዝኽእሉ ምስ ፈለጠ ምስ ኣይሳቱ ናብ ማእከል ሰድራቤቱ ክኸይድ ከም ዝደሊ ነቦኡ ክገልጸሉ ምስ ከኣለ፣ ኣቦ ርእሱ ነቕነቐ።
“ኣይፋልን ዩሴፍ፣ እንተ ዘይከድካ ይሓይሽ።”

ዩሴፍ ኣቦኡ ነዚ ሓሳብ እዚ ከምዘይፈትዎ ድሮ ፈሪሁ ነበረ። ኣቦ ኣብ ጀርመን ክነብሩ ካብ ዚጅምሩ ኣዝዩ ጥንቁቕ እዩ ኮይኑ። ኩሉ ነገር ሓድሽን ጓናን ስለ ዝኾነ፣ ዩሴፍ ሓሰበ።
ኣይሳቱ “ብዙሓት ካልኦት ቈልዑን ወይዘሮ ሽሚትን እውን ኣለዉ” በለት። “ምቕልልቲ ኢያ ምሳና ድማ ትጻወት። ብኽብረትኩም፣ ዩሴፍ ምሳና ኽመጽእ ይኽእልዶ፧ ተጠንቂቕና ክንሕዞ ኢና፧”

ኣቦ ድማ “ኣይፋል፣ እንተ ዘይከደ ይሓይሽ” ኢሉ መለሰ።

“ንወለድን ዝኸውን ካፌ፣ ንናጽላታት ድማ ብጉጅለ መጻወቲ ኣሎ። እቶም ማናቱ ኽምኡ እዮም ዚደልዩ”፣ ኣደ ኣይሳቱ ትገልጽ።
“ንሰኹም እውን ዘይትመጹ፧”

ኣቦ እንደገና “ኣይፋልን” በለ።

ኣደ ትሓስብ ኣላ። “እዚ ባህ ዜብል እዩ ዚመስል፣ ክንርእዮ ንኽእል ኢና” በለት።

ኣቦ “እንድዒ ኣይፈልጥን” በለ።

ኣደ “ኩላትና ብሓባር ክንከይድ ዘሎና ይመስለኒ” ኢላ ኣተባቢዓ።




ስለዚ ኵሉ ሰብ ብሓባር ናብ ማእከል ሰድራ እዩ ዝኈዓዝ።

“ሰላም ኣይሳቱ፣ መን ኢኺ ተማሊእኺ፧”፣ በለት ሓንቲ ኣብ መእተዊ ዝነበረት ሰበይቲ ሰላም እናበለት።

“ሰላም ወይዘሮ ሽሚት፣ እዚ ዩሴፍ እዩ። ምስ ክበብ ቈልዑ ኺፋለጥ እዩ ዚደሊ።”

“ዩሴፍ እንቋዕ ብደሓን መጸእካ። ከምዝመጸኻ ዜሐጉስ እዩ” በለት ወይዘሮ ሽሚት።
“ከምቲ ኣነ ዝርእዮ ንኣደን ንኣቦን ንኣሕዋትካን እውን ኣምጺእካዮም ኢኻ።
ኣነ ወይዘሮ ሽሚት እየ። ማእከል ሰድራ-ቤትና ኽርእየኩምዶ፧”





ወይዘሮ ሽሚት “ማእከል ሰድራ-ቤት ንቈልዑን ንወለድን ዝኸውን ቦታ ኢዩ” በለት። “ተገዳሰነት ዘለዎም ሰባት ኣብዚ እዮም ዚሰርሑ እቶም ብዛዕባ ኣተዓባብያ፣ ስነ-ኣእምሮን ማሕበራዊ ስራሕን ከማይ ዝፈልጡ። እዚ ሞያና እዩ። ንጻወትን ጂምናስቲክ ንገብርን ምስ ቈልዑን ኣባጽሕን። ሓደ ሰብ ኪጭነቕ ከሎ ጽን ኢልና ንሰምዖን ምኽሪ ንህብን ኢና። ሓድሓደ ግዜ ንሕግዝ ኢና ዕዮ ቤት ትምህርቲ ወይ ምግቢ ምኽሻንን ብሓባር ምስንካትን። ኣብ ጀርመን ክፍሊ ደገፍ ሕጻናትን መንእሰያትን ኢና።”

ኣቦ ከኣ “እዚ ቦታ እዚ ሓገዝ ዜድልዮም ሰድራ ቤታት ዚኸውን ቦታ ድዩ፧” ኢሉ ሓተተ።

“ኣይፋል፣ እዚ ቦታ እዚ **ንኹሎም** ቈልዑን ወለድን ዝኸውን ቦታ ኢዩ። ርግጽ ኢዩ ሓገዝ ዝደልያ ሰድራቤታት እውን ኢየን” ብምባል ወይዘሮ ሽሚት ትገልጽ።

“መብዛሕትኦም ግን ብምኽንያት እቲ ንቘልዑን ንመንእሰያትን እንህቦም ብዙሕ ቀረባታት እዮም ዚመጹ። እቶም ቀረባት ነጻ እዮም።”

“እሞ እዚ ንድኻታት ዚኸውን ቤት ድዩ፧” ኣቦ ክፈልጥ ይድሊ።

ወይዘሮ ሽሚት “ኣይፋልን፣ ንኹሉ ሰብ ዝኸውን ቤት ገዛ” በለት። “ኣብ ጀርመን ኣብ መብዛሕትኡ ኸተማታትን ምምሕዳራትን ከምዚ ዝኣመሰለ ገዛውቲ ኣለው። ሓገዝ ሕጻናትን ኣገልግሎታት ድሕነት ቈልዑን መንእሰያትን ጥዑያት ንኪኾኑን ብጥዕና ንክዓብዩን ንምሕጋዝ ዝዓለመ እዩ። ሃብታማት ይኹኑ ድኻታት ኵለን ሰድራ ቤታት ነቶም ቀረባታት ኪጥቀሙሎም ይኽእሉ። ገሊኦም ኻብዚኦም ቀረባታት እዚኦም ኣብዚ ኣብ ማእከል ሰድራ-ቤት ይርከቡ …”



ወይዘሮ ሽሚት “ክበብ ቈልዑ ሎሚ ኣብ ሰፍራ ኣታኽልቲ እዩ ዚእከብ” በለት።


ዩሴፍ “ኣብ ዓድና ክበብ ቘልዑ ኣይነበረን” በለ። “ኩሉ ሳዕ ምስ ደቂ ሓትኖይ እጻወት እየ። ሓትኖታተይን ኣቦሓጎታተይን እኖሓጎታተይን እውን ኣብኡ ነበሩ።”

“ኣብ ጀርመን ደቂ ሓትኖኦም ሓትኖታቶም ኣኮታቶም ከምኡ'ውን ኣቦሓጎታቶምን እኖሓጎታቶምን ኣብ ርሑቕ ቦታ ዝነብሩ ብዙሓት ቈልዑ ኣለዉ። በይኖም ምእንቲ ኸይጻወቱ ከም ክበብ ቆልዑት ዝኣመሰለ ኽፉት ቀረባታት ኣለው። ክሳብ ሽዱሽተ ዝዕድሚኦም ቈልዑ ናብ ኣጸደ-ሕጻናት ይኸዱ ንተመሃሮ ኸኣ ድሕሪ ትምህርቲ ኽንክን ዝግበረሎም ማእከል ኣሎ። ክትምዝገብ ጥራይ ኣሎካ” ብምባል ወይዘሮ ሽሚት ትገልጽ።

“እዚ ማእከል ትምህርቲናን ምኽሪ ስድራ-ቤትናን እዩ። ኣደ ወይ ኣቦ እንተ ተጨኒቑ/ቓ ኣብዚ ምኽሪ ክረኽቡ ይኽእሉ” በለት።

ኣደ ዩሴፍ “ንሓማተይ ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ኣተዓባብያ ቈልዑ አዘራርባ ነበርኩ” በለት።

ወይዘሮ ሽሚት ከምዚ በለት – “ኣብዚ ተመክሮ ዘለዎም ሰባት ንወለድም ይሰምዑ፣ ጸገማት ከጋጥሞም ከሎ ኸኣ ሓቢሮም መፍትሒ የናድዩ ኢዮም። ኩሉ ሰብ ቆጸራ ክገብር ይኽእል። እቶም ዝርርባት ምስጢራውን ብዘይ ክፍሊትን እዩ ዚግበር፣ እንተ ደሊኻ ድማ ብሰመ-ሰውር እዩ።”



ወይዘሮ ሽሚት “እንሆ እቶም እናተንፈሓኹ ዝንቀሳቐሱ ጉጅለ ናጽላታት ኽትርእዩ ትኽእሉ” በለት። “ወለድን ሕጻናትን ናጽላታትን ንኣሽቱ ሕጻናትን ኣብዚ እዮም ዚራኸቡ። መሳርሕተይ ነታ ጉጅለ ትቈጻጸራ። ንኣዴታትን ንኣቦታትን ምስ ናጽላታት ብኸመይ ከም ዚጻወቱ ብኸመይ ከም ዚከናኸንዎም ከምኡ'ውን ብኸመይ ከም ዚኣልይዎም ምኽሪ ትህቦም እያ።”



“ኣብዚ ካፈ'ዚ ኣዴታትን ኣቦታትን ቡን ወይ ሻሂ ክሰትዩን ምስ ካልኦት ወለዲ ክላለዩን ይኽእሉ። ሓድሓደ ግዜ ብዛዕባ ስድራ-ቤትን ትምህርታዊ ጕዳያትን ዚገልጽ ሓበሬታ ምሽት ኣብዚ እዩ ዚግበር። ብዝተረፈ እቲ ዶልሺ ናይ ወይዘሮ ኦዝቱርክ ኣዝዩ ጥዑም እዩ።”

ወይዘሮ ኦዝቱርክ “ሰላም!” በለት። “ካብ ኣርማድዮ ክዳውንትና ገለ ነገር እንተ ደሊኻ እውን ናባይ ክትመጽእ ትኽእል ኢኻ። ኣብኡ ድማ ናይ ቈልዑ ክዳውንትን መጻወቲታትን ኣሎና።”





“እዚ ንመንእሰያት ዝቐረበሎም መደብ ኢዩ። ኣብዚ ብልክዕ ኣብ ንዓታቶም ኣገዳሲ ዝኾኑ ሕቶታትን ኣርእስትታትን ይድገፉ እዮም። ንኣብነት ከም ሕርቃን፣ ነድሪ ወይ ፍርሂ ወይ ናይ ሕቶታት ምዕባይ ዝኣመሰለ ሰምዒታት ክንሕዞም ከለና። እዚ ቀረብ እዚ “ዕዮ ማሕበራዊ ጕጅለ” ተባሂሉ ይጽዋዕ። በዚ ኸምዚ ዩገንድኣምት ኣብ ኣጸጋሚ ኵነታት ንዝርከቡ መንእሰያት ክሕግዞም ኢዩ ዝደሊ” ብምባል ወይዘሮ ሽሚት ትገልጽ።

ኣቦ ሰምቢዱ “ዩገንድኣምት” ኢሉ ጨደረ። “ብዛዕባ እዚ ዩገንድኣምት እዚ ድሮ ብዙሕ ዛንታታት ሰሚዐ ኢየ! ኣብ ኣተዓባብያ ጣልቃ ብምእታው ንደቆም ካብ ስድራ ቤቶም ይወስድዎም” ብምባል ኣቦ ኣማረረ።

ወይዘሮ ሽሚት ምቕልልቲ ብምኳና “ኣይፋልን ዋላ ሓደ ሰብ ንቈልዓ ኻብ ስድራቤቱ ክወስዶ ኣይፍቀደሉን ኢዩ” በለት። “ህጻናት ኣብ ወለደም ክኾነ መሰል ኣለዎም፣ ወለደም ንደቆም ከዕብዩዎም ከምኡ'ውን ክኣልዩዎም ውን መሰል ኣለዎም። እዚ ኣብቲ ልዕሊ ኹሉ ኣገዳሲ ዝኾነ መሰረታዊ ሕጊ ጀርመን ተገሊጹ ኣሎ። ሓድሓደ ግዜ ግና ንሓደ ቈልዓ ኸቢድ ድንገት ኺጋጥሞ ይኽእል እዩ። ሓድሓደ ግዜ ወለዲ ንውሉዶም ባዕሎም ከዕቍብዎ ኣይክእሉን ኢዮም፣ ሓድሓደ ግዜ ኸኣ ዩገንድኣምት እውን ከይተረፈ ክሕግዞም ኣይክእልን ኢዩ። ጥራይ ኣብ ሽዑ ጉዳይ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰጕምቲ ኣማራጺ ዚኸውን። እዚ ኣፍኵሰካ ዚውሰን ኣይኰነን ። ቤት ፍርዲ ንኸምዚ ዝኣመሰለ ውሳነ ኺምርምሮ ኣለዎ ከምኡ'ውን ከረጋግጾ ኣለዎ። ይኹን እምበር ኣብ መብዛሕትኡ መዳያት ዩገንድኣምት ሓደ ቈልዓ ኣብ ድንገት እንተድኣ ወዲቑ ነቶም ወለዲ ኣቐዲሞም ክሕግዞም ይኽእል ኢዩ” ብምባል ወይዘሮ ሽሚት ትገልጽ። “ከምዚ ዝኣመሰለ ውሳነ ሽዑ ኣየድልየኩምን እዩ። ዩገንድኣምት ኣብ ድንገት እውን ከይተረፈ ንስድራ ቤታት ዝድግፍ ኢዩ።”

ኣቦ ብጥርጣረ “ኣይፈለጥኩን” ኢሉ ኣዕዘምዘመ።




ኣይሳቱ ብዘይ ትዕግሰቲ “ሕጂ ወዲእናዶ ኽንጻወት ንኽእልዶ፧ ንዩሴፍ እታ እትሓኩር ኦም ከርእዮ እደሊ እየ!”

ኣቦ ክሳብ ሕጂ ጥርጣረ ዘለዎ እዩ ዚመስል። ሕጂ ኩሎም ሰብ ብታሕጓስ ይርእይዎ ኣለው። “ኣይ” ኣዕዘምዘመ። “ሕራይ። ክትድይቡ ከለኹም ግና ተጠንቀቑ” ኢሉ ድማ ኣጕረምረመ።

“እወ!” ዩሴፍ ኣዝዩ ተሓጒሰ። ኣይሳቱ ብኢዱ ሒዙ ናብቲ ሰፍራ ኣታኽልቲ ጐየዩ።






እታ እትሓኲር ኦም ኣዝያ ግርም እያ። ዩሴፍ ሓሊፉ እውን ክሳብ ጫፍ እቲ ኦም በጺሑ እዩ። ካብዛ ቦታ እዚኣ ኸኣ ንኣደን ነቶም ማናቱ ኺርእዮም ከኣለ። ንኣቦ እውን ይርእዮ እዩ። ኣብ ሻሂ ኾፍ ኢሉ ምቁር ሕብስቲ ይበልዕ። ፍሽኽ ድዩ ዚብል ዘሎ፧

“ዩሴፍ ውረድ በል። ኲዕሶ እግሪ ኽንጻወት ደሊና ኣለና” ኣይሳትይ ጨደረት።

ስለዚ ኣብቲ ማእከል ሰድራ-ቤት ባህ እተብል መዓልቲ የሕልፉ።



ካብታ ደስ ተብል መዓልቲ እቲኣ ኣትሒዙ ዩሴፍን ኣደን ኣቦን ማናቱን መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ማእከል ስድራ-ቤት ይመጹ እዮም።

እቲ ብዛዕባ ኣተዓባብያን ስድራን ዚወሃብ ምኽሪ ነደን ንኣቦን ነቶም ማናቱ ብኽመይ ከም ዚሃድኡ ምኽሪ ሂብዎም እዩ። ስሊጡድማ! ሞ ከምኡ'ውን ቦ ደጊም ብዙሕ ኣይበኽዩን ኢዮም፣ ኣደ ከኣ ፈጺማ ኣይትበክን ኢያ።

ኣቦ ከም ቅድም ክሳብ ክንድቲ ጥርጣረን ስቕታን የብሉን። ሓደ እዋን እሞ ኸኣ ምስ ሓደ ኻብ ዩገንድኣምት ዝመጸ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ተዘራረበ። ንሞን ቦን ዚኸውን ምእላይ ዚግበረሎም ቦታ ኪታ ኣብ ምርካብ ኪሕግዝ እዩ። ብዘይካ'ዚ ኣባላት እታ ስድራ ካብቲ መሕደሪ ምስ ወጹ ብኡንብኡ ኣፓርታማ ኣብ ምርካብ ብኸመይ ደገፍ ከም ዚረኽቡ ገለጸሎም።

እቲ ዝበለጸ ነገር ግና ዩሴፍ ብተደጋጋሚ ኺሰልክዮ ኣየድልን እዩ። ኣብ ክበብ ቈልዑ ኣይሳቱን ምስኡ ጽቡቕ ኲዕሶ እግሪ ኽጻወቱ ዝኽእሉ ኣዕሩኽ ተላልዮም እዮም። ዩሴፍ እውን ብተደጋጋሚ ኣብ ከብዱ እቲ ፍሉይ ስምዒት ኣይሰምዖን ኢዩ።

ዝኸበርኩም ወለዲ፣

ዩሴፍን ሰድራን ኣብ ጀርመን ሓድሽቲ እዮም፣ ኣብዚ እዋን እዚ ኸኣ **ምስ ኣገልግሎታት ድሕንነት (ሓገዝ) ቆልዑን መንእሰያትን** ይላለዩ። ድሕንነት ሕጻናትን መንእሰያትን ኣካል ማሕበራዊ ሰርዓት ጀርመን እዩ። ንዅለን ሰድራ-ቤታት ይምልከት – ናይ መበቈሎም ወይ ቋንቋኦም ብዘየገድስ። ዕላማኡ ነዚ ንምሕጋዝ እዩ፥ ቈልዑን መንእሰያትን ጽቡቕ ይህልዉ፣ ብጥዕና ድማ ይዓብዩ ኣለዉ። ማእከል መዓልቲ ክንክን ቆልዑት (ኪታ) ዳርጋ ዅሎም ኣብ ጀርመን ዘለው ቈልዑ ዝጥቐመሉ ኣገልግሎት እዩ። እንተዀነ ግን ከምቲ ዩሴፍን ሰድራቤቱን ዝፈለጡ ካልእ ብዙሕ ነገራት እውን ኣሎ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ ብዛዕባኡ ክትሕብር እትደሊ ከምኡ'ውን ኣገልግሎታት ድሕንነት ሕጻናትን መንእሰያትን ከተባብዓኩም ንዓኹም ንክትፈልጡ።

ንካልእን በይንኻን ኣብ ምንባብን ባህ ከም ዚብለካ ተስፋ ንገብር!



**ኣገልግሎታትን ከምኡ'ውን ኣገደስቲ ኣሰማት ድሕንነት ሕጻናትን መንእሰያትን፦**

**ዩገንድኣምት** (ምምሕዳር ቤት/ጽ መንእሰያት)
ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከተማን ነፍሲ ወከፍ ኣውራጃን (ንኡስ-ዞባ) **ዩገንድኣምት** ይርከብ እዩ። ኣብያተ-ጽሕፈት ድሕንነት መንእሰያት እተፈላለየ ዕዮታት ኣለወን፥ ከተማኦም ቈልዑን ሰድራ-ቤታትን ከም ዝፈትዎም ይቈጻጸሩ። ንኣብነት እኹል መጻወቲ ቦታታት ከም ዘሎን፣ ፖለቲከኛታት ንሰድራታት ጽቡቕ ውሳነ ኸም ዝገብሩን ማለት እዩ። ኣብያተ-ጽሕፈት ድሕንነት መንእሰያት እቶም ትካላት ሓገዝ ሕጻናትን መንእሰያትን ጽቡቕ ስራሕ ከም ዝሰርሑ ይቈጻጸራ እየን። ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት ኣብ ኣብያተ-ጽሕፈት ድሕንነት መንእሰያት እውን ይሰርሑ እዮም። ዕዮኦም ምኽሪ ወይ ሓገዝ ንዚደልዩ ቈልዑን መንእሰያትን ወለድን ምድጋፍ እዩ። ሓደ ቈልዓ ኣብ ድንገት ምስ ዘሎ ኸኣ ነቲ ዅነታት ንምምሕያሽን ነቲ ቈልዓ ንምዕቋብን ምስ ወለዶም ሓቢሮም ይዓዩ።

**መዋእለ ህጻናትን ትካላት መእላይ ቆልዑን (ኪታታት)** ቈልዑ ትምህርቲ ክሳብ ዚጅምሩ ዝመሃረሎም ቤት-ትምህርትታትን መእለይታትን እዮም። ኣብ ኣባይቲ ሕጻናት ቈልዑ ምስ መዛኑኦም ይእከቡ፣ ብመምህራን ይድገፉ ኣብ ዘነቓቕሕ ሃዋሁ ድማ ከከም ድሌቶም ክዓብዩ ይኽእሉ ኢዮም። ምብጻሕ ኪታ ንዅሎም ቈልዑት ኣገዳሲት እያ። ጀርመንኛ ኸም ካልኣይ ቋንቋ ዚመሃሩ ቈልዑ ካብ ንእስነቶም ኣትሒዞም ብዙሕ እዮም ዚጥቀሙ። ካብ ሓደ ዓመት ኣትሒዙ ዘሎ ዅሉ ቈልዓ ኣብ ጀርመን ኣብ ዝርከብ ኣባይቲ ሕጻናት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። ኣብ ገሊኡ ኸተማታት ንዅሎም ቆልዑት ዚኸውን እኹል ቦታ የልቦን ሽዑ **መዓልታዊ ኽንክን ቆልዑት** ኣማራጺ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ኣብኡ ኣላይት ቈልዓ ወይ ኣላይ ቆልዓ ክሳብ ሓሙሽተ ሕጻናት ይኣልዩ። ኣብያተ-ጽሕፈት ድሕንነት መንእሰያት ክንክን ሕጻናት ኣብ ምንዳይ ይሕግዛ እየን።

**(ቤት ትምህርቲ/ቈልዑ) ድሕሪ ትምህርቲ** ዚወሃብ ክንክን ዚግበረሉ ማእከላት ክሳዕ 14 ዓመት ንዝዕድሚኦም ተመሃሮ ዚኸውን ኣገልግሎት ክንክን ቈልዑ (ድሕሪ ቐትሪ) እዩ። ቈልዑ ይቕበሉ ኣብዚ ምሳሕን ደገፍን ዕዮ ገዛ፣ ኣብ መዘናግዒ ይካፈሉ ናይ ቤት-ሕጻናት ደገፍ ድማ ይረኽቡ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ ገዛእ ርእሰን ናይ ድሕሪ ትምህርቲ ኽንክን ዚግበረሉ ማእከል ኣለወን። መዕበዪ ቦታ ክትደሊ ኸለኻ ዩገንድኣምት እውን ክድግፍ ይኽእል።

**ማእከላት ሰድራ-ቤት** እተፈላለየ መሳለጥያታት እዮም ናይ ቈልዑን መንእሰያትን ሓገዝ ኣገልግሎት ይወሃብ ኢዩ። ኣብ ሓደ እዋን ጽቡቕ መምርሒ ኪኸውን ይኽእል እዩ ኣብ ሓዳስ ከተማን ጐረባብትን ንክኣትዉ።

**ማእከላት ትምህርቲ ሰድራ** ኣብዚ ዚሰዕብ መዳያት ስልጠናታት ይህቡ፥ ናብራ ሰድራ፣ ጥዕናን መዘናግዕን ይቕረብ። ንዓበይቲ ብዛዕባ ኸም ሽርክነትን ትምህርትን ዝኣመሰለ ጉዳያት ዚገልጽ ቀረባታት ኣለው። ሓድሓደ ግዜ ኸም ናይ ጀርመንኛ ወይ ናይ ምስፋይ ስልጠናታት ዝኣመሰለ ካልእ ቀረባታት እውን ኣለው። መብዛሕትኡ ስልጠናታት ንወለድን ሕጻናትን ብሓባር ይምልከቱ፣ ንኣብነት ንቈልዑ ንምድራዝ፣ ድሕሪ ሕርሲ ንዚወሃብ ስልጠናታት ከምኡ'ውን ንወለድን ሕጻናትን ዚወሃብ ስልጠናታት እዩ። ንቈልዑ መብዛሕትኡ ግዜ ኸም ናይ ቀደም ናይ ሙዚቃ ትምህርቲ ኢደ - ጥበብ ወይ ምውሰዋስ ኣካላት ዝኣመሰለ ቀረባታት ይወሃቦም ኢዩ።

ብዘይ ምዝገባን ብነጻን **ንድሕንነት ሕጻናትን መንእሰያትን ኣብ ዝተቐርቡ ክፉት ቀረባታት** ክትካፈል ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ናይ ቈልዑን መንእሰያትን ክበባት፣ ማሕበረሰብ ትምህርታዊ ኽንክን ዝግበረሉ ናይ መዘናግዒ ቦታታት፣ ናይ ወለዲ ኣኼባታት ወይ እግሪ ተኽሊ ሕጻናትን ወለዶምን ዝጓዓዙ ጕጅለታት ኣለዉ። ሓያሎ ማሕበረሰብ ዚእከበሉ ማእከላት (መንእሰያት ሰድራ-ቤት ጐረባብቲ ወይ ማእከላት ክፋላት ከተማ) ክፉት ኣገልግሎት ይህብ እዩ።

**ቀረባት ዕረፍትን መዘናግዕን** ኣብ እዋን ዕረፍቲ ንቈልዑን ንመንእሰያትን ተመሳሳሊ ርክብ ንኺገብሩ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ይኸፍተሎም ብፍጥረት ብኣትሌቲካዊ ወይ ብባህሊ ክሰርሑ የቕርቡ። ከምዚ ብምግባሮም ናይ ኣጸደ ሕጻናት ደገፍ ይረኽቡ ኢዮም። እዚኦም ቀረባት እዚ ብማሕበራት ድሕንነት ሕጻናትን መንእሰያት ኢዩ ዝቐርብ። ኣብያተ-ጽሕፈት ድሕንነት መንእሰያት ንበዓላት ዝኸውን ግቡእ ቀረብ ንምርካብ ክሕግዝ ይኽእል ኢዩ። ኣድላዪ እንተ ዀይኑ ቍጠባዊ ደገፍ እውን ኪህሉ ይኽእል እዩ።

**ሓገዛት ንኣተዓባብያ**ቈልዑ ኣጸጋሚ ዅነታት እናሃለዎም ክነሱ ጥዑያት ምእንቲ ኽዀኑን ብጥዕና ምእንቲ ክዓብዩን፣ ፍሉይ ብድሆታት ዘለወን ሰድራቤታት ክሕግዝዎም ተባሂሉ ኢዩ።

ተመኩሮ ሰደት፣ ኣብ ሓድሽ ሕብረተሰብ ምብጻሕ ከምኡ'ውን ሰርዓት ዕቍባን ተቐበልቲ ጋሻን ቀይድታት ምግባር ንሰድራ ቤታት ከቢድ ጾር ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

ንትምህርቲ ዚሕግዝ መሳርሒታት ነዚ ዚሰዕብ የጠቓልል፥

- ናይ**ኣተዓባብያን ምኽርን ሰድራ-ቤት** ካብ ዝኾኑ ወለዲ – ብስመ-ስውር እንተ ድኣ ደልዮም – ክጥቀም ይከኣል። ኣብ ኣብያተ-ጽሕፈት ድሕንነት መንእሰያት ኣብ ማእከላት ሰድራቤት ከምኡውን ኣብ ማእከላት ሰድራ-ቤት ከምኡ'ውን ሰድራቤታውን ምኽሪ ዝህበሉ ማእከላት ኣሎ። ወለዲ ኣብ ርእሲ እቲ ብዛዕባ ትምህርትን ናብራ ሰድራ-ቤት ዚለዓል ሕቶታት ብዛዕባ ሓዳር ወይ ብዛዕባ መጻምድቲ እውን ኪዘራረቡ ይኽእሉ እዮም።

- ናይ **ማሕበር ፐዳጎጊካዊ ሰድራ ሓገዝ (SPFH)**
ኣብ ገሊኡ ጒዳያት ንወለዲ ንምድጋፍ ንሰድራ ቤቱ ኣዘውቲሩ ዚበጽሖም ሰብ ሞያ እዩ።

- ናይ **ኣተዓባብያ ደገፍ** / ሓደ **ሓገዝ ምእላይ** ብዝተደጋጋሚ ምስ ቆልዓ ወይ መንእሰይ ይሰርሕ ከምኡ'ውን ኣብ ጉዳያት ውልቃዊ ምዕባለ ደገፍ ይህብ፣ ጸገማት ኣብ መዓልታዊ ናብራ፣ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ወይ ኣብ ገዛ እንተለዎ።

SPFH ወይ ሓጋዚ ኣተዓባብያ ብዩገንድኣምት እዩ ዚጥለብ። ወለዲ ናብ ዩገንድኣምት ክውከሱ ይኽእሉ፣ ከምዚ ዝኣመሰለ ደገፍ ክጠልቡ እንተደለዩ። ሓድሓደ ግዜ ዩገንድኣምት ሓገዝ ኣድላዪ ምዃኑ ንኽንኣምን ምኽንያት እንተ ኣልዩና ነታ ሰድራ-ቤት ባዕሉ ይምልሳ ምስኡ ድማ ዝሰዕብ ይውሰን ሓገዝ ንዓታቶም ዚበቅዕ እንተኾይኑ።

**ንቈልዑን ንሰድራ ቤታትን ዚጠቅም ካልእ ኣገልግሎት፦**

**ን ጥኑሳት ኣንስቲ፣ ናጽላታት፣ ሕጻናት እግሪ ተኸሊ** ክሳብ ሰለስተ ዓመት ንወለዶም እውን ኣብ ዓውዲ ጥዕና ሓገዝቲ ቀረባት ኣለው ንደቂ ኣንስትዮ ዚኸውን ናይ ትውልዲ ምድላውን ድሕሪ ሕርሲ ዚወሃብ ስልጠናን፣ ንመን እሰያት ኣዴታትን ኣቦታትን ዚወሃብ ናይ ወለዲ ስልጠናታት ከምኡ'ውን ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ክንክንን ምዕባለን ናጽላታትን ንኣሽቱ ቆልዑት። (ሰድራ-ቤት) መሕረሰቲ ኣብ ሆስፒታላት ዚወሃብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ማእከላት ትም ህርቲ ሰድራ-ቤት ከምኡ'ውን ኣብ ኣብያተ-ጽሕፈት ድሕንነት መንእሰያት ዚርከብ ምኽሪ ዚህብ ማእከላት ኣቐዲምካ ሓገዝ ዚግበረሉ ቦታታት እዩ።

**ጽቡቕ ንምፍላጥ፥** ኣብ ጀርመን ክሳብ 6 ዝዕድሚኦም ቈልዑት **ኣቐዲሞም መርመራ** ይግበረሎም ኣሎ። እዚ መርመራታት እዚ (U1-U9) እቲ ሓኪም ቈልዑ እዩ ዚገብሮ፣ ጥዕና እቲ ቈልዓ ጥራይ ዘይኮነስ ኩነታት ኣእምሮኣውን ሞተርን እውን ይምርምሩ እዮም። እዚ ኸኣ ሓደ ቈልዓ ፍሉይ ደገፍ ዜድልዮ እንተ ኾይኑ ኣቐዲምካ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ሓያሎ ፈደራላዊ ክፍለ-ሃገራት ወለዲ ወረቐት ዕድመ ይወሃቡ። ንሓኪም ቈልዑ ወይ ነታ መሕረሲትኩም እውን ክትሓቱ ትኽእሉ። U1 ክሳብ U9 ሰዒቡ U10 ከምኡ'ውን U11 ከምኡ'ውን ናይ መንእሰያት መርመራ ጥዕና J1 ከምኡ'ውን J2 ይካየድ። ሓንቲ "ብጫ መንሹር" ነቶም U-መርመራታት ትሰንድ።



እቶም ኣሰናዳእቲ ነቲ ርእሲ ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከተማ Trier ዝኾነ ኣቶ Stefan Zawar-Schlegel ከምኡ'ውን ወይዘሮ Dr. Johanna Graf ንቈልዑን ንመንእሰያትን ንዓበይትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሳይኮተራፒስት ስለቲ ሓሳባውን ሞያውን ምኽሪ ኸመስግንዎም ይደልዩ ኢዮም።

እዛ ስእልን ንባብን ዝሓዘት መጽሓፍ እዚኣ ብቋንቋታት ኣልባንያ፣ ዓረብኛ፣ ዳሪ፣ ጀርመንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ ሩስያኛ፣ ሶማሊ፣ ትግርኛ ከምኡ'ውን ቱርክኛ ተሓቲማ ኣላ።


ሕጋዊ ሓበሬታ

| | |
|---|---|
| ኣሰናዳኢ | Save the Children Deutschland e.V.<br>Seesener Straße 10-13<br>10709 Berlin<br><br>Plan International Deutschland e.V.<br>Bramfelder Str. 70<br>22305 Hamburg |
| ኣምርን ኣበርክቶን | Luisa Gebauer<br>Dr. Johanna Graf<br>Dr. Stefanie Röhrs<br>Janneke Stein<br>Eli Myriam Tchouadje |
| ጽሑፍ | Luisa Gebauer |
| ምሳሌን ንድፍን | Anna Laura Jacobi |
| ኣርትዖት | Angelika Lauriel |
| ምትርጓም | Dialecta Zentrum für Internationale Sprachdienstleistungen GmbH |



Copyright © Save the Children Deutschland e.V. ከምኡ'ውን Plan International Deutschland e.V., Berlinን Hamburgን 2023



እታ ስእልን ንባብን ዝሓዘት መጽሓፍ ከም ክፍሊ ናይቲ "ንስደተኛታት ቈልዑ ዝያዳ ተሳትፎ ንምግባር ብሓባር ዘርእሰቱ ፕሮጀክት ኲይና ኢያ ተዳልያ ከምኡ'ውን ንሰድራታት ኣብ ስርዓት ድሕንነት ሕጻናትን መንእሰያትን። መእተዊታት ምፍጣር – ምትሕብባር ምድጋፍ!" ካብ ፌደራላዊ ሚኒስትሪ ሰድራ፣ ዓበይቲ ሰባት፣ ኣንስቲ ከምኡ'ውን መንእሰያት ተደጊፎም። እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ መ ለጺ ርእይቶ ፌደራላዊ ሚኒስትሪ ጕዳያት ሰድራ-ቤት ኣይኰነትን እንተላይ ዓበይቲ፣ ኣንስቲ ከምኡ'ውን መንእሰያት።

ዩሴፍ ምስ ኣደን ኣቦን ከምኡ'ውን ምስቶም ብዕድመ ዝነኣሱ ማናቱ ሞን ቦን እዩ ዚነብር ኣብ ንሰደተኛታት ዚኸውን መሕደሪ። ኣብዚ ጽቡቕ ኣይሰምዖን እዩ። እቲ ሰድራቤት እውን ሓንቲ ንእሽቶ ኽፍሊ ይካፈሉ፣ በይንኻ ክትከውን ኣይትኽእልን፣ መብዛሕትኡ ግዜ ኸኣ ቈየቛ ኣሎ፣ ነቶም ህጻናት ከኣ ኣብዚ ዝኾነ ዝግበር ነገር የለን። መብዛሕትኡ ግዜ ዩሴፍ የሰልችዎ እዩ። ዋላ እቶም መናቱ ኣይፈትውን እዮም፣ ብዘይምቍራጽ ይበኽዩ። ኣደን ኣቦን ኩነታት ብኸመይ ከም ከመሓይሽዎ ኣይፈልጡን እዮም። ዩሴፍ በታ ኣይሳቱ እትበሃል ዓርኩ ኣቢሉ ነዚ ተማህረ ብዛዕባ ድሕንነት ሕጻናትን መንእሰያትን ይፈልጥ። ቀልጢፉ ኣብ ክበብ/ማሕበር ቈልዑ ምስ ሓደስቲ ኣዕሩኽ ይላለ፣ ኣደን ኣቦን ከኣ ሓገዝ ሕጻናትን መንእሰያትን ነቲ ሰድራቤት ኣብ ጀርመን ክኣትዉ ከለው ከምኡ ድማ ኣብ ካልኦት ብድሆታት ብኸመይ ክሕግዝዎም ከምዝኽእሉ ይረጋገጹ።

## ንሰደተኛታት ቆልዑን ወለድን ናይ ጀርመን ኣገልግሎታት ድሕነት ቆልዑን መንእሰያትን ክፈልጡ እትሕግዝ መ ጽሓፍ

Gefördert vom:
Bundesministerium für Familie, Senioren, Frauen und Jugend

Save the Children

PLAN INTERNATIONAL